National Institute for Public Health
and the Environment
Ministry of Health, Welfare and Sport

ዓባይ ሰዓል እንታይ እዩ?



ዓባይ ሰዓል እንታይ እዩ?

ዓባይ ሰዓል (tbc) ብባክተርያ ዝመጽእ ተላባዒ ሕማም እዩ። ዓባይ ሰዓል መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሳንቡእ እዩ ዝኽሰት። ይኹን እምበር ኣብ ካልእ ክፍሊ ኣካል እውን ክርከብ ይኽእል እዩ። ዓባይ ሰዓል መብዛሕትኡ ግዜ ብግቡእ ብመድሃኒት ክሕከም ይከኣል እዩ። ዓባይ ሰዓል ኣብ ኔዘርላንድ ሳሕቲ እዩ ዝረኣ።

ንዓባይ ሰዓል ብኽመይ የለልዮ?

ዓባይ ሰዓል ብባክተርያ እዩ ዝመጽእ። እቲ ሕማም፣ እቲ ባክተርያ ናብ ሰብነት ምስ ኣተወ ድሕሪ ኣዋርሕ ወይ ዓመታት ክኽሰት ይኽእል እዩ። ነፍስወከፍ እቲ ባክተርያ ዝሓለፎ ሰብ ኣይሓምምን እዩ። እቶም ዝሓመሙ ሰባት ኣብ ሳንቡእ ወይ ኣብ ካልእ ክፋል ኣካል ናይ ዓባይ ሰዓል ባክተርያ ይህልዎም። ንኣብነት ኣብ ኣዕጽምቲ፣ ጽኳታት ሊምፍ ወይ ዓንዲ ሕቑ። ዓባይ ሰዓል ዘለዎም ሰባት ከምዚ ዝስዕብ ዝኣመሰለ ምልክታት ክጋጥሞም ይኽእል፡

ብብዝሒ ዘጋጥሙ ጥርዓናት



ንልዕሊ ሰለስተ ሰሙን ዝጸንሕ ምስዓል



ኣብ እዋን ምስዓል ልፋጭ ወይ ደም



ኣብ እዋን ለይቲ ካብ መጠን ንላዕሊ ምርሃጽ



ክብደት ሰብነት ምጉዳል



ናይ መግቢ ሸውሃት ዘይምህላው



ድኻም

ካልኦት ጥርዓናት ድማ:

- ረስኒ
- ንምስትንፋስ ምጽጋም
- ቃንዛ ኣብ ደረት
- ሕበጥ ጽኳታት (ኣብ ጽኳታት ባክተርያ ዓባይ ሰዓል ኣብ ዝህልወሉ እዋን)
- ቃንዛ፣ ሕበጥ (ኣብ ኣዕጽምቲ ባክተርያ ዓባይ ሰዓል ኣብ ዝህልወሉ እዋን)

የሳንባ ነቀርሳ እንዳለብኝ እንዴት አውቃለሁ?

ሓደ ወይ ልዕሊኡ ምስ ዓባይ ሰዓል ዝተኣሳሰሩ ምልክታት ኣባኻ ኣለሊኻ ዲኻ? ስለዚ ናብ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ደውል። ሓፈሻዊ ሓኪምካ ድማ ናብ ካልእ ሓኪም ንምውከሳ ከመሓላልፈካ ይኽእል እዩ። ሓኪም፣ ዓባይ ሰዓል ዘለካ ምኳንካን ዘይምኳንካን ንምፍላጥ ዝተፈላለዩ መርመራታት ክገብር ይኽእል እዩ፡

- ራጂ ወይ ስካን
- ካብ ሳንቡኡ ናይ ዝመጽእ ልፋጭ መርመራ
- ካልእ መርመራታት፣ ናይ ዓባይ ሰዓል ባክተሪያ ካብ ሳንቡኡ ወጻኢ ንኽህሉው ዕድል ምስ ዝህልወካ

ኣብ መንነ መልከፍቲ ዓባይ ሰዓልን ሕማም ዓባይ ሰዓልን እንታይ ፍልልይ ኣሎ?

መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል
ሓደ ሰብ ብባክቴርያ ናይ ዓባይ ሰዓል ተለኺፉ ድዩ፣ ግን ድማ ኣይሓመመን ድዩ? ስለዚ እዚ መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል ይበሃል። መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል ዘለዎ ሰብ ንኻልኦት ኣየላብዕን እዩ።

እዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ብዛዕባ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዝምልከት እዩ። ብዛዕባ መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል ዝያዳ ሓበሬታ ኣብቲ ‘መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል’ ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ሕማም ዓባይ ሰዓል
ካብ ዓሰርተ መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል ዘለዎም ሰባት፣ እቲ ሓደ ሕማም ዓባይ ሰዓል የማዕብል። እዚ ድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ ክሽውን ይኽእል እዩ፣ ግን ድማ ድሕሪ ዓመታት እውን ክሽውን ይኽእል። ሓደ ሰብ ድሕሪ ምልካፉ፣ ናይ ምሕማም ዕድሉ ኣብተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ዝዓበየ እዩ።

ዓባይ ሰዓል መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሳንቡኡ እዩ ዝኽሰት።
እዚ ተላባዒ ክሽውን ይኽእል እዩ፣ ግን ድማ ግድን ተላባዒ ይሽውን ማለት ኣይኮነን። ሓደ ሰብ ኣብ ሳንቡኡ ዓባይ ሰዓል ኣለዎ ድዩ? ስለዚ ሓኪም እዚ ሰብ ተላባዒ ዓባይ ሰዓል ዘለዎ ምኳኑን ዘይምኳኑን ክምርምሮ እዩ።

ዓባይ ሰዓል ኣብ ኣዕጽምቲ፣ ጽክታት ሊምፍ፣ ዓንዲ ሕኞ ወይ ካልእ ክፋል ናይ ኣካልና እውን ክህሉው ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ተላባዒ ኣይኮነን።

ዓባይ ሰዓል ብኸመይ ይሕዘኒ?

ተላባዒ ዓባይ ሰዓል ዘለዎ ሰብ ጥራይ እዩ ንኻልኦት ክለክፍ ዝኽእል። ብመንገዲ *ምስዓል፣ ምህንጣስ፣ ምዝራብ* ወይ *ምዝማር/ምድራፍ*፣ ባክተርያ ዓባይ ሰዓል ዝሓዙ ንኣሽቱ ነጠብጣባት ናብ ኣየር ይልቀቕ። ካልኦት ሰባት ድማ ነዞም ነጠብጣባት ንውሸጢ ከስተንፍስዎም ይኽእሉ፣ ብኸመዚ ድማ ክልከፋ ይኽእሉ።

ዓባይ ሰዓል ብኸመይ ኣይሕዘንን?

ብኸመዚ ዝስዕብ ዓባይ ሰዓል ኣይሕዘካን እዩ፡

- ኢድ ብ*ምጭብባጥ ብምጭብባጥ፣ ምሕቋፍ* ወይ *ምስዓም*
- *መግብን መስተን ብምክፋል*
- ናይ ካልእ ሰብ ኩባያ፣ ቢያቲታት፣ ማንካታትን ፋርኬታታን፣ ክዳውንቲ ወይ ሸቓቕ ብምጥቃም
- ጾታዊ ርክብ
- *ምስ ደም ምትንኻፍ*

ናይ ምንጪን ርክባትን መርመራ

GGD፣ ዓባይ ሰዓል ንዘለዎም ሰባት ይሕግዝ። ሓደ ሓደ ግዜ GGD፣ እቲ መልከፍቲ ካበይ ከም ዝተበገሰ ንምፍላጥ መርመራ የካይድ እዩ። እዚ ድማ ናይ ምንጪ መርመራ ይበሃል። ተላባዒ ዓባይ ሰዓል ዘለዎ ሰብ ንኻልኦት ክለክፍ ይኽእል እዩ። ስለዚ GGD ኣብ ከባቢ እቲ ሰብ ንዝርከቡ ሰባት ይምርምር። እዚ ድማ ናይ ርክባት መርመራ ይበሃል። ዕላማ ናይቲ ናይ ርክባት መርመራ፣ ብባክተርያ ዓባይ ሰዓል ንዝተለኽፋ ሰባት ብዝተኻእለ መጠን ብኣግኡ ንምርካብን ንምሕካምን እዩ። እዚ ድማ እዞም ሰባት በቲ ሕማም ከይጥቅዑ ይከላኸል።

ብዛዕባ ናይ ምንጪን ርክባትን መርመራ ዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብቲ ‘ዓባይ ሰዓልን ናይ ምንጪን ርክባትን መርመራን’ ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ይርከብ።

ሕማም ዓባይ ሰዓል ክሕከም ይኽእል ድዩ?

ሕማም ዓባይ ሰዓል መብዛሕትኡ ግዜ ብውህደት ዝተፈላለዩ መድሃኒታት ብግቡእ ክሕከም ይኽእል እዩ። እቲ ሕክምና መብዛሕትኡ ግዜ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ይጸንሕ።

ብዛዕባ ሕክምና ሕማም ዓባይ ሰዓል ዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብቲ ‘ዓባይ ሰዓል፣ ብኸመይ ንሕክሞ?’ ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ይርከብ።

ኣብ እዋን ተላባዒ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዝውሰዱ ስጉምትታት

ሓደ ሰብ ተላባዒ ሕማም ዓባይ ሰዓል እንተሃልይዎ፣ እቲ ሰብ እንተወሓደ ን2 ሳምንታት ካብ ካልኦት ተፈልዩ ይጸንሕ። ብኸምዚ እቲ ባክተርያ ክዝርጋሕ ኣይክእልን። እዚ ድማ ተነጽሎ ይበሃል።

ኣብ እዋን ተላባዒ ሕማም ዓባይ ሰዓል ብዛዕባ ዝውሰዱ ስጉምትታት፣ ኣብቲ ‘ዓባይ ሰዓል – ምትሕልላፍ፣ ንጽህና ሰዓልን ሕግታት ኣነባብራን’ ዝብል ሓበሬታዊ ጽሑፍ ይርከብ።

መን ብዓባይ ሰዓል ክልከፍ ይኽእል?

ገሊኦም ሰባት ብባክተርያ ዓባይ ሰዓል ክልከፉ ዝያዳ ዕድል ኣለዎም፡
- ምስ ሓደ ተላባዒ ዓባይ ሰዓል ዘለዎ ሰብ ኣብ ሓደ ክፍሊ ዝጸንሑ ሰባት።
- ዓባይ ሰዓል ብብዝሒ ኣብ ዘጋጥመላ ሃገር ዝተወልዱ ሰባት።
- ዓባይ ሰዓል ብብዝሒ ናብ ዘጋጥመሎም ከባቢታት ዝገሹ ሰባት፣ ንኣብነት ኣፍሪቃ፣ ኤስያ፣ ደቡብ ኣመሪካን ምብራቕ ኤውሮጳን።

መን ሕማም ዓባይ ሰዓል ክሕዞ ይኽእል?

ገሊኦም ሰባት ሕማም ዓባይ ሰዓል ንኽሕዞም ዝለዓለ ዕድል ኣለዎም፡
- ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድሚኦም ሕጻናት።
- ብሰንኪ ሕማም፣ ድኹም ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ዘለዎም ሰባት።
- መድሃኒት ዝጥቀሙ ብሰንኪ ምኽኖም ትሑት ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ዘለዎም ሰባት።

ኣንጻር ዓባይ ሰዓል መን ክታበት ክወስድ ይኽእል?

ኣብ ኔዘርላንድ፣ ነቶም ወለዶም ኣብ ሕማም ዓባይ ሰዓል ብብዝሒ ዘጋጥመላ ሃገር ዝተወልዱ ሕጻናት፣ ኣንጻር ዓባይ ሰዓል ናይ BCG ክታበት ክወስዱ ይቐርበሎም እዩ። ሕጻናት ድሮ ኣብ ኣዝዩ ንኡስ ዕድሚኦም ክታበት ክወስዱ ይኽእሉ እዮም። እቲ ክታበት ብዓባይ ሰዓል ንኸይትተሓዝ 100% መከላኸሊ ኣይህብን እዩ። ይኹን እምበር፣ እቲ ክታበት ድሕሪ ምውሳድ፣ ከም ነድሪ ሸፋን ሓንሳል ዝኣመሰለ ከቢድ ዓይነት ሕማም ዓባይ ሰዓል ንኽሕዘካ ዘሎ ዕድል ኣዝዩ ትሑት እዩ።

እቲ ናይ BCG ክታበት፣ ማዕረ እቲ ንሕጻናት ዝገብረሎም ጽቡቕ ምክልኻል፣ ንበጽሒታት ኣይከላኸለሎምን እዩ። ስለዚ ሒደት በጽሒታት ሰባት ጥራይ እዮም፣ ናይ BCG ክታበት ክወስዱ ዝምከሩ።

ብዛዕባ እዚ ተወሳኺ ሓበሬታ፣ ‘ናይ BCG ክታበት’ ከምኡ እውን ‘መገሻን ዓባይ ሰዓልን’ ኣብ ዝብሉ ሓበሬታዊ-ጽሑፋት ይርከቡ።

ተወሳኺ ሓበሬታ

- ብዛዕባ ዓባይ ሰዓል ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ rivm.nl/tuberculose ይርከብ።
- ብዛዕባ ዓባይ ሰዓል ሕቶታት ኣለካ ድዩ? ስለዚ ኣብ ዞባኻ ምስ ዝርከብ ናይ GGD ክፍሊ ምቁጽጻር ሕማም ዓባይ ሰዓል ርክብ ግበር። ናትካ GGD ድማ ብመንገዲ ggd.nl ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

This information is available in English at:
Waxaad warbixintan ku aqrisan kartaa Soomaaliga:
Informacje te są dostępne w języku polskim na stronie:
ነዚ ሓበሬታ ብቋንቋ ትግርኛ ኣብዚ ዝስዕብ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ፡
ይህንን መረጃ አማርኛ በሚከተለው ማንበብ ይችላሉ፡

شما میتوانید این معلومات را به دریاز طریق ذیل مطالعه کنید:

يمكنك قراءة هذه المعلومات باللغة العربية على:

www.rivm.nl/en/tuberculosis/information-materials#aboutTB

ሕቶኻ ንናይ ዓባይ ሰዓል ቻት-ቦት (TBC-chatbot) ሕተት፡
www.tuberculose.nl/over-tuberculose

Published by

National Institute for Public Health and the Environment, RIVM
P.O Box 85104 | 3508 AC Utrecht
The Netherlands
www.rivm.nl/en

Oktober 2026

Committed to health and sustainability

016977_T1